# ካብ ደቂኣንስትዮ ኤርትራ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ;።

# ብምኽትያት ዓለምለኻዊ ምዓልቲ ደቂኣንስትዮ፡ ሽሞንተ መጋቢት።

ኣበባ ኣብርሃ፡ ወኪል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ፡ ኣባል ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡፡

10/02/2012

ኦ! ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ!

ኣብቲ ኩሉ ዝሓለፈን ዝካየድ ዘሎን፡ ዝተሓላለኸን ኣህላኺን ዝኾነ ጉዕዞ ናይ ቃልስና፡ ጓል-ኣንስተይቲ ኤርትራ ምስኡ ወዲ ቓን ተንሲኣን ኢያ። ኣብቲ ንሉዑላውነት ሃገርናን ህዝብናን ዝተኸየደ መሪርን ሓያልን ቃልሲ፣ንኹሉ ዓለም ብሩህ ብዝኾነ መንገዲ፡ ሓያል መስተንክር ቅያታት ሰሪሓ። ክሳብውን ከይተጋነነ ነተን ብቃልሲ ተባዕነተን ዝልለያ ሃገራት፡ ከምኒ ቪየትናም፣ ካንቦዲያ፣ ደቡብ ኮረያ ብዘይንእስ ተዳሪጋተንስ ኣፍሪቃዊት ቪትናም፣ ኣፍሪቃዊት ካንቦዲያ ዝብል ቅጽል ስም ዝለበሰት ተኣምራታዊት ሰራሒት ቅያ ተባሂላ ኢያ። እዚ ናይ ትማሊ ሓቂ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ ዓመታት ግን ኣብ ትሕቲ ዓማጺን ጠላምን ህግደፍ ዋጋ ዘይብላ ኮይና ከም ጨርቂ ፎኺሳ ትርከብ። ኣብቲ ብሃማድኤ  ዝጽዋዕ መጋበሪያ ምድሕርሓር ዝኾነ ማሕበር ተጠቕሊላ ድማ፣ ኣብ መሰላት ፍጡር ዘየኽብር ጉጅለ መሰላ ከረጋግጸላ ምጽባያ የዋህነት ኢዩ።

ኣብዚ ገለ ክፋላት ደቂ-ኣንስትዮ ካብተን  ዝተሰዉኣ ተሪፈን፣ ዝሰንከላን ዘይሰንከላን ደቂ ኣንስትዮ መብዛሕትኣን ተዋሪደን፣ ኣብ ዘይምረጽ ስራሓት ኣትየን፣ ክሳብ ነብሰን ክሽጣ ተራእየን። እተን ገለ ክፋለን ከኣ ከም ሕሱም ተሰዲደን ፋሕፋሕ ኢለን። ገለ ክፋል ካብኣተን ድማ ብሕሱምን ዓምጣሪን ዝኾነ ኣተሓሕዛ ጉጅለ ህግደፍ ተኣሲረን ዝሳቐያን ሂወተን ዝኸፈላን ኢየን። እተን ተባዓትን ዕጡቓትን ዝወለደኣን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ድማ ኣደዳ ዓመጽን መርወዪ ስምዒት ናይ ጀነራላት  ህግደፍ ኮይነን፡ ኣይ ካብ ትምህርቲ ኣይካብ ምዕብልና፡ ኣይ ካብ ግቡእ ናብራሓዳር፡ ኣብ ጸላማት ዝኾነ ብሩህ መጻኢ ዘይብሉ ሂወት ተሸሚመን ይረኣያ።ሕሉፍ ሓሊፉ፣ ደቂ ስሳታት ሰብዓታት ዝኣኽሉ ወይጦታት ናይ ህግደፍ፣ ቐሩብ ባጤራ ኣብ ጁባኦም ስለዘለዎም ደቆም ደቂደቆምን ዝኾና ህጻናት እንዳመረጹ ኣብ ዘይኣምናሉ ናብራ ተጸሚደን ኣብ ኣሕዛንን ሕሱምን ሂወት ይርከባ። እተን ገለ ክፋል ናተን ከኣ፡ ካብ ገሃነመ እሳት ዝተወልዓ ሃገር እግረይ ኣውጽእኒ ኢለን ንቕድሚኣን ዝኸርተታ መጻወቲ ናይ ዝሓለፈ ሽፍታ ኮይነን፡ ኣብ ፈቐድኡ ግህሰት እንዳጋጠመን፣ ኣብ ዘይተደልየ ሕርሲን ጥንሲን ኣትየን ይርኣያ ኣለዋ። እዚ ኹሉ ዓመጽን ግፍዒን እንዳተኻየደ ኸኣ ዋላ ቅጭጭ ከይበለን፡ ንምጻሩ ዘጸግም ኩትሻ ተሰሊመን፣ ተሸንሺነን፣ “ንሕና ንሱ ንሱ ንሕና!” ብዝብል ውልቀ ምልካዊ እምነት ዘተባብዕ ደርፍታት እንዳደረፋ፡ ኣብ ፈቐዶ ጓይላ እሽክትሽም ክብላ ዝውዕላ ኢየን። ኣብ ደረጃ ሰብዶ ኣብ ደረጃ እንስሳ ንምስርዐን ዘጸግማ ድማ  ኢየን። ገለ ኣዝየን ንእሽተይ ክፋል ካብኣተን ድማ፡ “እንቢ ንዓመጽ! እንቢ ንምልኪ!” እንዳበላ፡ ዋሕዲ ቁጽረን ከየገደሰን ክሳብ ህግደፍ ዝጸድፍ ኣይንብዳህን ኢለን ሓሪነን ዝተላዕላ ኢየን።

ነዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ሓርነት ከኣ፡ ንዝመጸን መጽፋዕቲን ማሕለኻታትን እንዳገጠማ፡ ኣብቲ ኩሉ ቁሩቁሳት ናይ ውሽጣዊ ቃልሲ ኣትየን ንደንበ ተቃውሞ ብሓደ ንምምጻእ ይጠማጠማ ኣለዋ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 2010 ዓ.ም.ፈ. ኣብ ዝተኻየደ ኤርትራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዓቢ ተራ ተጻዊተን ኢየን። ከምኡ’ውን፣ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ማለት 2011 ዓ.ም.ፈ. ኤርትራዊ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራሲያዊ

ለውጢ፡ ንሓድነትን ድሕነትን ህዝቢ እንዳጸውዓ፡ ዓቢይን በዳሂን ዝኾነ ተራታት ተጻዊተንን ይጻወታን ኣለዋ።

ስለዚ፡ ኣብዚ ታሪኻዊን ዝተሓላለኸን ኣቲናዮ ዘሎና መድርኽ፡ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ተዓጢቐን ካብ ውሽጢን ካብ ደገን ንዝመጸን ዓመጽ፡ ሎሚ ከም ትማሊ ዳግማይ ተዓጢቐን ክምክታ ንጽውዕ።

በዚ ዕዙዝን ክቡርን ዝኾነ ዓለምለኻዊ ናይ ደቂኣንስትዮ መዓልቲ ሸሞንተ መጋቢት፡ ኩለን ብዲሞክራሲያዊ ለውጢ ዝግደሳ ኤርትራዊያን ደቂኣንስትዮ ብዝበለጸ ዕጥቂን ተገዳስነትን፡ ብዕሙቕ ዝበለ ኣድህቦን ከነብዕሎ ንጽውዕ።

ኣብ ትሕቲ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ኢድንኢድ ተተሓሒዝና መከራና ክንጸርግ ንለዓል። እቲምንታይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዘይብሉ ሰውራ ክዕወት ስለዘይክእል።

ዓወት ንሸሞንተ መጋቢት ዓለምለኻዊ ምዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ!

ዝተደራረበ ወጽዓታት ጓልኣንስተይቲ ኤርትራ የብቅዕ!

ኩሉ ዓቕምና ንድሕነት ህዝቢን ሃገርን ኤርትራ ምስ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ!

ክብሪን ዝኽሪን ንስዉኣትና!

ዓወትና ናይ ግድን ኢዩ!